
# መከላኸሊ ጥንሲ

## መከላኸሊ ጥንሲ ማለት ንሽይትጠንሲ ክከላኸለልኪ ዝኽእል ሜላ ኢዩ።.

Women's Health Tasmania

ዝተፈላለዩ ዓይነታት መከላኸሊ ጥንሲ ሜላታት ኣለዉ። ንንሕድሕዶም ነናይ ባዕሎም ረብሓ ኣለዎም። ገሊኦም ሜላታት ዋላ እዳጥወብኪ ከለኺ ክትጥቀምዮም ትኽእሊ ኢዮም። ገሊኦም ሜላታት ድማ በይንኺ ጥራሕ ክትፈልጢዮም ዝግቡኡ ኣለዉ፥ ካሊእ ሰብ ብዛዕባ እዞም መከላኸሊ ሜላታት ትጥቀሚ ከምዘለኺ ክፈልጡ የብሎምን። ገሊኦም ንዓመታት ከገልግሉ ዝኽእሉ ኢዮም። ሓኪምኪ ኣየናይ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ ንዓኺ ተመራጺ ከምዝኾነ ኣብ ምሕራይ ክሕግዘኪ ኢዩ።




መብዛሕትኡ ሰብ ዝጥቀመሉ መከላኸሊ ጥንሲ እቲ "ዝውሓጥ ክኒና" ኢዩ። እዚውን መዓልታዊ ብኣፍ ክወሓጥ ዝግቦእ መከላኸሊ ጥንሲ ኢዩ። እቲ **"ዝውሓጥ ክኒና"** እንቋቑሖ ካብቲ መፍረዪኣ/ኦቫሪ በብወርሑ ንኸይትወጽእ ዝከላኸል ኢዩ። ኣብ ዝኾነ ቤት መድሓኒት/ፋርማሲ ክትረኽቢዮ ትኽእሊ ኾይኑ ብቐዳምነት ግን ካብ ሓኪምኪ ክእዘዘልኪ ኣለዎ።



በቢ ሰለስተ ወርሒ ዝውጋእ **መርፍእ** እውን ብሓኪም ክወሃበኪ ይኽእል ኢዩ። እቲ መርፍእ እንቋቑሖ ካብቲ መፍረዪኣ/ኦቫሪ በብወርሑ ንኸይትወጽእ ዝከላኸል ኢዩ።



ኣብ መንኲብ **ዝትከል/ዝቐበር መከላኸሊ ጥንሲ/ implant** ዝባሃል ሓኻይም ኣብ መንኲብ ዝተኽልዎ ንኡሽተይ ናይ ላስቲክ ግራጭ ኢያ። እንቋቑሖ ካብቲ መፍረዪኣ/ኦቫሪ በብወርሑ ንኸይትወጽእ ትከላኸል ኢይ። እዚ ሜላ እዚ ንሰለስተ ዓመት ዘግልግል ኢዩ።



**ንጥረ ቅመማዊ ኣይ ዩ ዲን/ Hormonal IUDን** ናይ ጥር ቀለም ኣይ ዩ ዲን/Copper IUD ዝባሃሉ ናይ T ቅርጺ ዘለዎም መሳርዕ ብሓኻይም ናብ ማህጸንኪ ዝኣቱ ነገር ኢዩ። እዞም ሜላታት እዚኦም'ውን እንቋቑሖ ካብቲ መፍረዪኣ/ኦቫሪ በብወርሑ ንኸይትወጽእ ዝከላኸሉ ኢዮም። እዚኦም ናብ ማሕጸን ምስ ኣተዉ ንሓሙሽተ ዓመት ዘገልግሉ ኢዮም።



**ኮንዶም** ካብ ላስቲክ ዝስራሕን ኣብ መሸኒ ሰብኣይ ኣትዩ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ናብ መሸኒት ጓል ኣንስተይቲ ንኸይኣቱ ዝከላኸል ከረጢት ኢዩ። ኣብ ቤት መድሓኒት ወይ ሹቕ ክግዛእ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ዝግበር ሕድሕድ ስጋዊ ርክብ ሓድሽ ኮንዶም ክግበር ኣለዎ።



ብዝኾነ ኣጋጣሚ መከላኸሊ ጥንሲ ብዘይምጥቃም ጾታዊ ርክብ እንድሕር ገይርኪ **"morning after pill" ዝባሃል መድሓኒት** ጾታዊ ርክብ ድሕሪ ምፍጻምኪ ቅድሚ 24 ሰዓት እንድሕር ውሒጥክዮ ጥንሲ ናይ ምሓዝ ዕድልኪ ክንክዮ ይኽእል ኢዩ።

ካልኦት ናይ ጥንሲ መከላኸሊሜላታትት ስለዘለዉ ምስ ሓኪምኪ ተዘራረብሉ።.

**ናይ ታዝማኒያ ምጣነ ስድራ/ Family Planning Tasmania** ኣብ ግለኖርኪ፥ ላንስተንን በርንን ዝተፈላለዩ ክሊኒካት ዘለዎ ናይ ጥዕና ግልጋሎት'ዩ። ብጥንሲ ምክልኻል፥ ናይ ማህጸን ምርመራ፥ ጥንሲ፥ ቃንዛ ጎሎ /pelvic pain ፥ ናይ ጡብ መርመራን ጽንፈተ ጽግያት / menopause ብፍልጠትን ክእለትን ብቑዓት ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ሓኻይምን ነርስታትን ዘለዎአ ኢዩ። ንዝተፈቐደሎም ሰባት/Concession Card holders ብነጻ ይሕከሙን ኣስተርጓሚውን ይቐርበሎምን ኢዩ።

ቆጸራ ንምሓዝ ብቐዳምነት ናብ TIS ብ131 450 ደዊልኪ ቋንቋኺ ንገሪዮም። ነቲ ኣስተርጓሚ ሽምኪ ነጊርኪ ናብቲ እትደልዩዮ ናይ ስድራቤት ምጣነ ክሊኒክ ታዝማኒያ ንኸራኽቡኺ ሕተቲ፤ ናብ

- ግለኖርኪ ብ03 6273 9117
- ወይ ናብ ሎንሰስተን ብ03 6343 4566
- ወይ ናብ በርኒ ብ03 6431 7692

ደዊሎም ንኸራኽቡኺ ሓብርሎም።.

ነፍሰጾር እንድሕር ኮይንክን እንታይ ክትገብሪ ከምዘለኪ እንድሕር ዘይትፈልጢ **ንጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ታዝማንያ** ኣዘራሪብኪ ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ። ብዛዕባ ሕርሲ ወይ ሓዳሽ ኣዶ ብምዃንኪ ዘጨንቐኪ ነገር እንተዳኣ ሃልዩ ንገሌን ኣማኸርቲ ክተዘራርቢ ትኽእሊ ኢኺ። ብዛዕባ ጥንሲ ምውራድ ሓበሬታ እንተዳኣ ደሊኺ ብ1800 675 028 ደዊልኪ ናይ ምኽሪ ግልጋሎት ሕተቲ።

25 Lefroy Street, North Hobart PO Box 248, North Hobart, Tasmania 7002
P: **6231 3212** F: **6236 9449** Information Line: **1800 675 028**
info@womenshealthtas.org.au www.womenshealthtas.org.au ABN 49 915 520 678